# ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ስጉምቲ ክወስድ ይሓስብ ኣሎ

ብማርቲን ፕላውት
ወኪል ቢቢሲ ኣብ ኣፍሪቃ

ትርጉም፡ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኤርትራ ንረዲኤት ንዝተለገሰላ መግቢ ኣብ መሸጣ ስለዘውዓለቶ፡ ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊኣ ስጉምቲ ንምውሳድ ይሓስብ ኣሎ።

ኤርትራ፡ ነቲ ተሸይጡ ዝብሃል ዘሎ 3 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ረዲኤት ክትከፍሎ ትሕተት ትኸውን። ኣምባሳደር ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ኤርትራ፡ ኣቶ ጊርት ሃይከንስ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ንምዝርራብ ዝተገብረ ፈተነ ኩሉ ከምዝፈሸለ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ ኣሎ ክብል ንቢቢሲ ሓቢሩ።

እዚ ጸገም'ዚ፡ 15% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕጽረት መግቢ ኣብ ዝሳቐየሉን፡ ኤርትራ ድማ ተጸባዪት ናይ ረዲኤት ኣብ ዝኾነትሉን እዋን ምምጻኡ ኣዝዩ ኣሻቓሊ ኢዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ተጸባዪ ናይ ግዳም ረዲኤት ከይከውን ብዝብል ምስምስ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣትሒዙ፡ ክፍሊት ብስራሕ (cash for work) ዝብል ፖሊሲ ክኽተል ከምዝጸንሐ ዝፍለጥ ኢዩ። ነዚ መደብ'ዚ ንምምዋል ተባሂሉ'ዩ፡ መንግስቲ ነቲ ዝተለገሰሉ 3 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ናይ መግቢ ረዲኤት ናብ መሸጣ ዘውረዶ ክብል ሕብረት ኣውሮጳ ይኸስስ ኣሎ።

ስርዓት ኤርትራ፡ ነዚ ናይ ፖሊሲ ለውጢ'ዚ፡ ምስ'ቶም ዝምልከቶም ንኣጠቓቕማ ናይ'ቲ ረዲኤት ንጹር መምርሒ ዘለዎም ለገስቲ ሃገራት ከይተማኸረ ኢዩ ፈጺምዎ።

## ፖለቲካዊ ስርዓት

ኣውሮጳውያን ሎሚ ትዕግስቶም ወዲኦም ኢዮም ይብል ኣምባሳደር ሃይከንስ። "ካብ ወርሒ ግንቦት ኣትሒዘ፡ ናብ ሚኒስትሪ ልምዓት፡ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ማእለያ ዘይብሉ ደብዳበታት ክልእኽ ጸኒሐ"። ከምኡ ውን፡ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ክራኸቦም ከለኹ፡ ነቲ ጉዳይ አልዕለሎም ኢየ። መልሲ ግን ኣይህቡን ኢዮም። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዛዕባ'ቲ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ምስ ብሩሰልስ ንመኻኸር ኣሎና" ይብል ኣምባሳደር ሃይከንስ።

ነቲ 3 ሚልዮን ዶላር ክኽፍልዎ ምሕታት ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ክውሰድ ዝከኣል ስጉምታት ኢዩ። ናይ'ቲ ስርዓት ዘይግሉጽ  ኣሰራርሓ ድማ፡ ውጽኢት ናይ ናጻ ፕረስን ካልእ ናይ ተቓውሞ መግለጺ ኣገባባትን ዘይምህላው ኢዩ። "እዚ ድማ፡ ባህርያት ናይ'ቲ ስርዓት ኢዩ ዝመስለኒ"። "ዲሞክራሲስ ይትረፍ፡ ጥቓ ዲሞክራሲ ውን ዝቐርብ ኣይኰነን። ብኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝዝወር ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ'ዩ ከበሃል ዝከኣል" ይብል ኣምባሳደር ሃይከንስ።

ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን ለገስቲ ሃገራትን ዘሎ ዝምድና፡ እናተበላሸወ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ለገስቲ ኣካላት፡ ካብ ኣስመራ ከይወጹ ወይ ከይገሹ ዝእግድ ሕግታት ኣሎ። ካብ 100 ዘይውሕዳ መኻይን ናይ ለገስቲ ትካላት፡ በቲ ስርዓት ተወሪሰን ኣለዋ። ብዙሓት ትካላት ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ከይሰርሓ ተኸልኪለን ኢየን።